ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرتري
مكتب الإعلام والثقافة

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**
**INORMATION & CULTURAL OFFICE**

ensf.info@gmail.com

# ቃል መሪር ሓዘን

ገዲም ተጋዳላይ ዓብደላ ኣና መሓመድ ኢብራሂም (ብዓብደላ ሹም ዝፍለጥ)፣ ድሕሪ ነዊሕ ሕማም፣ ካብ መደበር ስደተኛታት ኡም ገርጉር መጺኡ ኣብ ከተማ ካርቱም ክሕከም ድሕሪ ምጽናሕ፣ ብዓርቢ ዕለት 17 ለካቲቲ 2017 ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈሊዩና።



ተጋዳላይ ዓብደላ ሹም፣ ኣብ ከባቢ ሰንዓፈ እትርከብ "ሳርውስ" እተባህለት ዓዲ ብ1949 ተወሊዱ። ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ከላ ብ1966፣ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ። ካብ'ቲ ዕለት'ቲ ኣትሒዙ ክሳብ ዕለት መውጋእቱ ኣብ 1978 ብጅግንነትን ብተወፋይነትን ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ልሉይ ተራ ዘበርከተን ኣብ ርእሲ ምኳኑ፣ ሓደ ካብ'ቶም ፍሉጣት መራሕቲ ጋንታታት ዝነበረ ሓርበኛ ምንባሩ'ውን ኩሎም መቓልስቱ ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ።

ስዉእ ዓብደላ ሹም፣ ኣብ ሰማንያታት ናብ ሱዳን ኣቲዩ፣ ድሒሩ'ውን ንሓጺር ግዜ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ተቐሚጡ። ናይ ጥዕና ጸገምን፣ ጽንኩር ኩነታት መነባብሮን ከይ ዓንቀፉ፣ ኣብ ክሊ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮይኑ ሃገራውን ሰውራውን እጃሙ ካብ ምብርካት ዓዲ ኣይወዓለን።

ዓብደላ ሹም ብዛዕባ ህዝቡን ሃገሩን ወትሩ ምስ ሓሰበን፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ መስርሕ ቃልሲ ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጥን ኣገዳስነት ሓድነት ፖለቲካዊ ሓይልታትናን ብተጋዳስነት ካብ'ቶም ዝከታተል ዝነበረ ሓርበኛ ኢዩ።

ልዑል ፈጣሪ ንብጻይና ዓብደላ ሹም ኣብቲ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ፣ ንክቡራት ስድራ ቤቱን ብጾትን ከኣ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃበና !!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
23 ለካቲት 2017